The CENTER for VICTIMS of TORTURE

# ሰነ 26 ንግዳያትን ማሕበረሰቦምን ምድጋፍ

ብ ዶክተር ሳይሞን ኣዳምስ ፕረዚደንትን ዋና መካየዲ ስራሕን

ማእኸል ግዳያት ግፍዒ(ሲቪቲ)

26 ሰነ 2024

ሎሚ 26 ሰነ ብመሰረት ናይ ሕቡራት ሃገራት፣ ዓለም ለኻ መዓልቲ ምድጋፍ ግዳያት ግፍዒ እዩ።ዓመት ዓመት ኣብ ሲቪቲ ንኹሎም ካብ ግፍዒ ዝደሓኑ፣ስድራቤቶምን ማሕበረሰቦምን ኣብ መላእ ዓለም ዘለና ድጋፍናን ሓገዝናን ንምግላፅ ደው ንብል።ኣብዛ ዕለት እዚኣ ኣብ 1987 ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሰብኣዊነት ገበን ምኺኑን ኣብ ኩሉ ቦታን ግዘን ዘይሕጋዊ ምኺኑ ብምግንዛብ ውዕል ሕቡራት ሃገራት ኣንፃር ግፍዕን ካልእ ጭካነ ኢ-ሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ መቕፃዕቲ ኣብ ተግባር ከምዝኣተወ ነብዕል።

እዚ ዓለም-ለኻዊ ክልከላ እናሃለወ ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዓለም ልዕሊ 110 ሚልዮን ሰባት ካብ ገዝኦም ብሓይሊ ዝተመዛበሉ ከምዘለዉን ብርክት ዝበሉ ድማ ብሰንኪ ግፍዒ፣ዕጥቃዊ ግጭታትን ስደትን ዝተመዛበሉ ከምዘለዉ ፀብፂቡ።

ንሕና ሲቪቲ ናይዚ ዓለም ለኻዊ  ቅልውላው ንምፍታሕ ግንባር ቀደምት ኮይና ካብ ሞት ዝደሓኑ ሰባት ህይወቶም ዳግማይ ኣብ ዝሃንፅሉ እዋን ደገፍና ምሃብ ንቕፅል ኣለና።ንኣብነት ኣብ ኣሪዞና ጥቓ ዶብ ደቡብ ኣመሪካ፣ነቶም ካብ ዓዶም ሃዲሞም ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ዑቑባ ዝሓቱ ንድግፎም።ኣብ ቀረባ እዋን እውን ኣብ ኣትላንታ ጆርጅያን፣ሴንት ፓዉሎ፣ሚኒሶታን ኽልተ ሓደሽቲ ፍሉያት ፕሮጀክትታት ከፊትና ኣለና።እዚ ድማ ካብ ዓፋኒ ምሕደራ ታሊባን ዘምለጡ ካብ ኣፍጋኒስታን ንዝመፁ ስደተኛታት ንምድጋፍ ዝነጥፍ እዩ።

ኣብ ኬንያ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዕቑባን  ብዙሓት ካብኣቶም ካብ ቀታሊ ስደትን ምልዓል ሕጋዊ ፅልኢት ርክብ ተመሳሳሊ ፆታ  ኣብቲ ዘባን ዝሃደሙ ዝተፈለየ ወሲባዊ ምርጫ ዘለዎም  ውልቀ ሰባት  ንዳግማይ ሕውየት ናባና ይመፁ።ኣብ ኢትዮጵያ፣ካብ ኤርትራን ደቡብ ሱዳንን ንዝመፁ ስደተኛታት፣ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ቀረባ እዋን ኣብ ትግራይ ብዝተፈጠረ ዕጥቃዊ ግጭት ህይወቶም ዝተበታተነ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝተመዛበሉ ሰባት ክንክን ንህብ።ኣብ ኢራቕን ኡጋንዳን ኣብ ዝርከብ ቤት ፅሕፈትና ድማ  ፣ኣብ ጎንና ኮይኖም ንሕውየትን ንፍትሕን ኣድሂቦም   ኣብ ሰብኣዊ ትካል ንዝሰርሑ ካልኦት ሰብ ሞያ እውን ክእለቶም ንከዕብዩ ምእንታን ሰራሕተኛታትና ሓገዝ ይገብርሎም እዮም።

ኣብ ጆርዳን ፣ኣብዘን ዝሓለፋ ሸሞንተ ኣዋርሕ ኲናት እስራኤልን ሃማስን ውፅኢቱ ኣዝዩ መሪርን ኣብ ዓሰርተታት ኣሻሓት ሞትን ከቢድ ስቓይን ሲቪላት ዘስዐበ ኮይኑ ኣሎ። ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ካብ ሶርያን ካልኦትን ቦታታትን ንዝመፁ ስደተኛታት ፍወሳዊ ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ከምዚ ዝመሰለ ኣገዳሲ ተራ ዝፃወቱ ብጣዕሚ ጎበዛት ሰራሕተኛታትና ፣ ነባሪ ሰላም ናይ ስድራቤታትን ማሕበረሰባትን ምሕዋይ ውህሉል ስምብራት ዝጠልብ ምኳኑ የብርሀለይ ።ንምሕጋዝ ደው ኢልና ተዳሊና ኣለና።

ሎሚ ልዕሊ ኩሉ ንኹሎም ካብቲ ሓደጋ ዝደሓኑን ስድራቤቶምን ዝለና ኣኽብሮትን ኣፍልጦን ነስፍሕ።ኣብዚ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ እዚ ንግዳያት ግፍዒ ዝኾኑ ኣካላት ንምድጋፍ ምስኦም ደው ኢልና እለና።መፃኢ ግዘ ናይቶም ውልቀ መለኽቲ ፣ገበነኛታት ኲናትን ግፍዒ ፈፀምትን ከምዘይኮነን ፣ናይቶም ንሰብኣዊ ኽብሪ፣ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላትን ደው ዝበሉ ከም ዝግባእ ይፈልጡ እዮም።